
**ባርኮትና (ጽቡቅ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ) ብመንጽር ወጻእተኛ ምሁር ንርኤ**

**ቅድሚ ናይ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም ዝበሎ ምቅራብ ክልተ ህዝቢ ኤርትራ ኣረጋጊጹ ዝፈልጠን ነገራት፡**

1 ህዘቢ ኤርትራ ብልቦና ዝተዓጥቀ ህዝቢ ከምዝኮነ፡ ኣሚኑ እንተዘይኮይኑ ድማ ተጻዊዱ (ተረጊጹ) ከምዘይከይድ።

2 ፖለቲካ ማለት ቁጠባ ማለት ከምዝኮነ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ድማ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ንዝኮነ ሓላፍነት ዝተሰከመ ህዝቢ ኤርትራ በዘን ዕሲ እዩ ዝዕይሮም ።
ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም ነቲ ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኣፍሪቃ ወኪሉ ዝመጻሉ ብሓደ ኢትዮጲያዊ ጋዜጠኛ ዝወረዶ ዘለፋን ንሱ ዘርኣዮ ናይ ራዕዲ ምስልን ኣመልኪቱ

# ክሳድ ምስተደፍኤ(ርእሲ ምስደነነ)እንታይ ፈሰሰ?


ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም ዝሃቦ



መግለጺ ብዛዕባ እዛ ምስሊ ምስሊ ብዘረባ

ዝረዓደ፡ ክሳዱ ዝደፍኤ፡ ርእሱ ዘድነነ ቀዳማይ ሚኒስተር እዩ ኢልዎ ከምዚ ዝስዕብ ድማ ይብል፡

ለንቅነ ሓድሽ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ስእሊ ብብዝሒ ኣብኩሉ ይርኤ ኔሩ ዝሓዘነ ክሳዱ ዝደፍኤ (ርእሱ ዘድነነ) መለስዜናዊ ! ንዓይ ቀልበይ ዝሰሓበ ንቀዳማይ ሚኒስተር ርእሱ ዘድነነ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ወይ ኣበበ ገላው ዝተዛረቦ ኣይኮነን፡ ኣበበ ገላው ዝተዛረቦ ክዛረብ ምሉእ መሰል ኣለዎ፡ ብዝተባህለ ዘይሰማማዕ ሰብ ድማ እንተ ብመረጋገጺ እንተስብዘይ መረጋገጺ ክነጽጎ መሰሉ እዩ፡ ብሓጺሩ ዝኮነ ብዓልስልጣን ከምዚ እንተጋጠሞ ዘርዕድ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ድሕሪ እዚ ናይ ሃጸይሃይለስላሰ ሓደ ኣብነት ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘጋጠሞም ይገልጽ እሞ እቲ ጉዳይ ንሃጸይሃይለስላሰ ርእሶም ኣይደፍኦምን ይብል፤ ኣበበ ገላው ዝተዛረቦም ቃላት እዮም ሓቂ እንተኮይኖም ብተግባር ይእረሙ፡ ሓሶት ቃላት እንተኮይኖም ድማ ሓቂ ብዝገልጹ ቃላት ይእረሙ ይብል።

<u>ኣብዚ ሓደ ካልእ ነገር ንዘክር ኣብ ከባቢ መስከረም እዩ መስለኒ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ</u> ኣብ ኒዮርክ ኔሩ፡ ኣብቲ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ስተድዩም ደቂ ኤርትራ ብሙሉኦም (**ዝተረፈ ዝነበረ ኣይመስልን!**) ኣብቲ ስተድዩም ተኣኪቦም ናይ ኢሰያስ መደረ ምስ ሰምዑ ሪኢትኦም እናህቡ ሕቶታቶም እናሓተቱ ኢሂን ምሂን ይብሉ ኔሮም።**ዘቅንእ እዩ ኔሩ።**

ናይ ኤርትራ ሕ/ሰብ ልክዕ ከም ናይ ኢትዮጲያ ሕብረተሰብ ዝተዋሳሰበን ጉራማይለን እዩ፡እቲ መራሒ ህዝቢ ከይፈርሐ ህዝቢ ድማ መራሒ ከይፈርሐ ተቀራሪቦም ኢህንሚህን <u>**ክብሉ ምክኣሎም ንዓና ኣበይ ኣበይ ሓዲጎምና ከምዝከዱ ኣየርእን እዩ ዝብል ኣሎ?**</u>

እዚ ሓቂ እዚ ብዝወሓደ ናይሎሚ 15 ዓመት ኣቢሉ ሪፖርተር ናይ መጀመርያ መጺሔት ከውጽእ ከሎ ገበር ናይቲ መጺሔት ናይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ እዩ ኔሩ እቲ ስእሊ ናይ መለስ ኣይነበረን፡ካብቶም ንኢሰያስ ከድንቁ ዝተጻሕፉ ኣርእስትታት ሓደ ቅርበት ናይ ኢሰያስ ምስ ህዝቢ እዩ ዝገልጽ ኔሩ፡ በንጻር እዚ ብስቅታ ንመለስ ይነቅፍ ኔሩ፤

<u>**ሎሚ ኣብ ግርጭት ስለ ዘለና ነዚ ሓቂ ዝርኢ ዓይኒ የብልናን ይከውን፡**</u> **እቲ ናይ** ሪፖርተር ዝዘከርክዎውን በቲ ኤርትራውያን ኣብ ኒውዮርክ ዝገበርዎ ኣኬባ እዩ፡ ንምዃኑ ናይ ኢትዮጲያ ቀዳማይ ሚኒሰተር ኣብ ንዮርክ ኣኬባ እንተዝጽውዕ መጀመርታ ክንደይ ሰብ ምተሳተፉ? እንተተሳተፉከ ስልጡን ኢሂን ሚሂንዶ ምኮነ? ከይተናዓዓቁ መራሕን ህዝብን ሓሳብ ክለዋወጡ ዓቢ ስጉምቲ እዩ።

ክንዲቶም ኣብ ኒውዮርክ ዝተኣከቡ ቁጽሪ ኤሪትራውያን ክንድኦም ቁጽሮም ኢትዮጲያውያን ተኣኪቦም ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ክዛተዩ እንተዝኽእሉ ከመይ ዝበለ ኩርዓት ምተሰመዓኒ ኔሩ።

ብወገነይ ብውሕዱ ንዘራረብ ኢለ ካብ ዘእዊ ነዊሕ ግዜ ኮይኑኒ፡ከሪሩ መሪሩ ካብዚ ፈልከት ኣይበለን፡ ነቲ ሓጺር፡ነቲ ነዊሕ፡ነቲ ረጒድ፡ነቲ ቀጢን፡ነቲ ክስታናይ ነቲ ኣስላማይ፡ንኩሉኩም ዝጠቅም ኣነፈልጥ፡ምፍርራሕ፡ምንዕዓቅ ኣየቀራርብን እዩ፡

እቲ  ናይ ኣበበ ገላ ንጎኒ ገዲፈ እቶም ቃላት ከምዘለዉዎ ኣብ ኢትዮጲያ ክግለጹ ዝክእሉ እንተዝነብሩ እቲ ናይ ኣመሪካ ድራማ ኣየድልን እዩ ኔሩ፡ዋጋ ዝወሃቦ ውን ኣይምኮነን፤ ኣብ ኣመሪካ ብሃንደበት ዓለም ኩሉ ኣብ ዝሰምዓሉ መድርኽ ብዛዓባ መለስ ዜናዊ ዝተባህለ ኩሉ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመት ኣብ ኢትዮጲያ ተዛኒዩ ክሰምዓሉ ዝክእል መድርኽ ዘይምፍጣሩ ክሳዱ ክደፍእ ርእሱ ክድንን እጃም ኔርዎ እዩ፡ኣብ ኢትዮጲያ ከይከውን ኣብ ኣመሪካ ኣብ ናይ ኢትዮጲያ ፓርላማ ዘይኮነ ኣብ ዓቢ ኣህጉራዊ ኣኬባ፡ውሑዳት ናይ ኣፍሪቃ መራሕቲ ዝተዓደሙሉ ኣኬባ ብፍላይ ድማ ናይ ኢትዮጲያ ቀዳማይ ሚኒሰተር ናይ ኣፍሪቃ ኣፈኛ ኮይኑ ዝተጋበዘሉ ናይ ዓበይቲ መራሕቲ ኣኬባ ንኢትዮጲያውያን ኩሎም ከኹርዕ እዩ ዝግብኦ እንተዝጥዕመና መኹርዓና ኔሩ፡ ምኹራዕ ተሪፉ ዘይንሓፍረሉ እንተዝኮውን ውን ጽቡቅ ኔሩ፤

ምስጋናን ከንቱ ወደሳን ከምጸበል ኣብ ዝዕደለሉ ኣህጉራዊ ኣኬባ ዘለፋን ነቀፌታን ምስማዕ **ክሳድ የድፍእ(ርእሲ የድንን) እዩ ይኩን እንበር ምስ መለስ ዘናዊ ኢትዮጲያ ርእሳ ኣየድነነትን ድያ?**

ብፍታው ይኩን ብዘይ ፍታው ሓደ መራሒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እንድሕር ኮፍ ኢሉ ብዙሓት ነገራት እዮም ዝመጽዎ ገለ ካብኦም ክብረትን ውርደትን እዩ፡

ህዝቢ ተዋሪዱ መራሒ ክብረት ኣይረክብን እዩ፡መራሒ ተዋሪዱ ድማ ህዝቢ ክብረት ኣይረክብን፡ናይ ሓዲኦም ክብረት ናይ ሓዲኦም ውርደት ክከውን ኣይክእልን እዩ፤ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ኣኬባ ዝተዓደመ ንኢትዮጲያ ወኪሉ ጥራይ ኣይኮነን ንኣህጉር ኣፍሪቃ ወኪሉ እንተላይ እዩ፡በዚ ጉዳይ ክብረት ትረክብ ኢትዮጲያ ጥራይ ዘይኮነት እንተላይ እቲ ኣህጉር ምኮነ ኔሩ፡ስለዚ ናይ ዜና ማዕከናት ንቀዳማይ ሚኒስተር ከወድሳ ከለዋ ኢትዮጲያን ኣፍሪቃን ብሓደ ምተወደሳ ኔረን፤ ሕጂ ግን ብዛዕባ ክሳዱ ዝደፍኤ(ርእሱ ስለዘድነነ) ሰብ ክዛረቡ ከለዉ ናይ ኢትዮጲያ ቀዳማይ ሚኒስተር እናበሉ እዮም ድዛረቡ፡ በዚ ንሕናውን ርእስና እኳ ኣይንድነን እንበር ናብቲ እንግዶት ቋጺርናዮ ዝኣተና ንእሸቶይ ክብረት ይከዓወናሞ ውርደት ይስመዓና፡ ንትገዝኦ ህዝቢ ከየክበርካ ክብረት ምርካብ የጸግም እዩ፡ መራሕን ህዝብን ክብረትን ውርደትን ይወራረሱ እዮም፡ኣብ 20 ዓመት ኣብስልጣን ኮይኑ ርእሱ ኣቅኒዑ ዝመጸ ጎድፍ ክቅበለሉ ዝክእልን፡ ዝዛረበሉ ጥራይ ዘይኮነ ርእሱ ከይደፍኤ ዝሰምዓሉ መድርኽ ስለ ዘየዳለወ ዝተጻዕኖ ውጽኢት ኣብ ኣህጉራዊ ኣኬባ ክሳድ ምድፋእ(ርእሲ ምድናን እዩ፡ ኣብክንደይ ሃገር ኢና ርእስና ከነድንን? ብድክነትን ሽግርን፡ብምሕራም ሓበሬታ፡ኣብተለቪዥን ዝመረጽናዮ ክንርኢ ኣይንክእልን፡ኣብ ናይ ተለቪዥን ፕሮግራም ኣጥፊእካ ምጥፋእ ብዝዓይነቱ ህልክ ኣቲና ምስ ዓለም ጥራይ ዘይኮነ ኣንጻር ፍልጠት ጥበብ (ቴክኖሎጂ) ንቃለስ ዘለና ይመስል፡
ዓለም ኩሉ ጎረቤት ኮይኑ እዩ፤ኣብ ሓደ ሃገር ዝከውን ውቕያኖስን ኣህጉርን ሰንጢቑ ይስማዕ ይፍለጥ እዩ፡ ምስጎረባብትና ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዘለና ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ኣዝዩ ትሑት እዩ፡ተለቪዝን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ሽግር መከራና እናበላዕና ኢና፡ በዚና ድማ ክሳድና ንደፍእ ርእስና ነድንን፡ ርእስና ከነድንን

ክለና ክብርና ይፈስስ እሞ ገበና ይግሃድ፡ ነዚዩ ድማ ምክብባር ዝበልጽ። ኢሉ ይድምድም ኣብቲ ዘ-ሓበሻ ዝብል ዝወጸ ጽሑፍ

ሪኢቶ

ጽቡቕ ጽሑፍን ትምህርቲ ዝቕሰመሉን እዩ። እቲ ብዛዕባ ኤሪትራውያን ዝተገልጸ ሓቂ ግን ኤሪትራውያን ልክዕ ከምናይ ንዮርክ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ናይ ዓለምን ኣብ ሃገርን ተኣኪብካ ኢሂን ሚሂን ምባል መዓለታዊ ሂወቶም እዩ፤ እዚ ድማ ኣብ ሓደ ረፍዲ ዝመጸ ኣይኮነን ነዊሕ ዝሰረተ ንንየተሉ ባህሊ እዩ፤ ከምግደ ሓቂ ግን ህዝቢ ኢትዮጲያ ይኹን ህዝቢ ኤሪትራ ህዝቢ ትግራይ እዚ ቁንጣሮ ጉጅለ ወያነ ኣብ ጭቃ እንተዘየእትዎም ኣብ ባህሎም ኣመና ምሰጎሙ። ሕጂውን ኪኖ እቲ ደረት ትርኢት እዚ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ክውን ክኮውን እዩ። ካብቲ ኩፉእ ሓሳድ እቲ ጥዑይ ብጽቡቕ ካልኦት ዝሕጎስ ስለ ዝበዝሕ፤ እንተቲ ጽቡቕ ክብርታት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ግን ኪኖ ምንያት ንትምህርቲ ቅሩባት ኣበሳና ንምጽራይ ድሕር ዘይንብል ህዝቢ ምዃና እቲ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ሰማእታት ምስ ተጋዳላይ ኣሕፈሮም ተወልደ ዝተገብረ ቃለምልልስ ኣብ ተለቪዝን ኤርትራ ሓደ መርኣያ ጭዋ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ፤ እዚ ድምር ክብርታት ነዛ ኤርትራና ኤርትራ ዝገበረ ድማ ከምቲ ግዜ ምስሓለፈ ንድሕሪት ዘይምለስ ነቶም ጸበብቲ ሓሳባት ከም ምክሉኣት፡ ኣብትሕቲ ኣፍንጭኡ ዘይኮነ ኪኖቲ ደረት ትርኢት ክርኢ ዝተዓደለ ህዝቢ ስለ ዝኮነ እንትርፊ ንቅድሚት ንድሕሪት ሰንደል ዝብል መሓውርን ሕልናን ኣስሓኮን የብሉን።

ዓወት ንሓፋሽ!!